# ናብ

## ጉባኤ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ

## ናብ ኩሎም ኣመንቲ ክርስቲያናትን ብቤተ ክርስቲያኖም ዝግደሱ ኣመንቲን

ኣቶ ዮፍታሄ ደመጥሮስ: ጸሓፊ ናይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ንትእዛዝ ፓትርያርክ ጥሒሱ፣ ብኢ.ደ ወነኑ፣ ሓድሽ ሕጊ ኣርቂቑ፣ ነቲ ኣብ ጥሪ 1995 ዓ.ም. ብምልኣት ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ፣ ምስ ናይ ዓለም ኣብያተ ክርስቲያናት ብዝሰማማዕ መንገዲ: ብምሉእ ናይ ኤርትራ ኣብያተ ክርስቲያን ወከልቲን፣ ሊቃውንቲን ረቂቑ፣ ቀኖናን ስርዓትን ቤተ ክርስትያን ተኸቲሉ፣ ዝወጸ ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ብኢ.ደ ወነኑ ኣፍሪሱዎ ኣሎ።

ዮፍታሄ ድመጥሮስ ብዛዕባ ቤተ ክርስቲያን ዝፈልጦ ነገር ዘይብሉ ክነሱ ሓላፊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኾኺኹውን ብዘይ ድሌት ፓትርያርክ እንጦንዮስ፣ ብድፍኢት መንግስቲ ዝተመዘዘ፣ ድሕሪ ባይትኡ ድማ ኣብ ፖለቲካ ዓለም ኣገልጋሊ ሕሉፍ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኮይኑ ንብዙሕ ዓመታት ዘገልገለ ሰብ ኢዩ።

ኣብ ኣንቀጽ 32 ምምሕዳራዊ ጉዳያት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ "ብናይ ቅዱስ ፓትርያርክ ኣቦ መንበርነት፣ ምስ ክልተ ጳጳሳት ኣኣብ ሰለስተ ወርሒ እናተቐያየሩ፣ ናይ መንበረ ፓትርያርክ ዋና ጸሓፊ ኣብ ዘለዎ ጉባኤ የካይዱ። ናይ መንበረ ፓትርያርክ ዋና ጸሓፊ ብፓትርያርክ ይሽየም እቲ ዝምረጽ ሰብ ፡ ቆሞስ፣ ካህን፣ ወይ መዘምር ጥራይ ይኸውን።" ይብል።

ኣቶ ዮፍታሄ ደመጥሮስ ግና፣ ጳጳስ ኣይኮነን፣ ካህን ኣይኮነን፣ መዘምር ኣይኮነን፣ ብትእዛዝ ወይ ድሌት ፓትርያርክ ኣይመጸን። ብኢ.ደ ወነኑ ነዚ ቅዱስን ሃይማኖታዊ ስርዓት ዝተኸተለን መምርሒ ጥሒሱ፣ ብዘይ ፍቓድን ኣፍልጦን ፓትርያርክ እንጦንዮስ፣ ባዕሉ "ዋና ኣማሓዳሪ ተዋህዶ ሃይማኖትን ሓላፍነቱን" ዝብል ርእሲ ፓትርያርክ ዝሰርዖ መምርሒ ኣውጺኡ ድሕሪ ምዝርግሑ፣ ብውግዘት ቅዱስ ፓትርያርክ እንጦንዮስ እቲ መምርሒ ደው ከም ዝብል ኮይኑ።

እዚ ውግዘት እዚ ንዮፍታሃኼ ነቶም ፍርሓት ኣምላኽ ዘየብሎም ሰበ ስልጣን መንግስቲ ዓቢ ስንባደ ስለዝፈጠረሎምን፡ ስለ ዘስግኦምን፡ ምስ ሓላፊ ክፍሊ ሃይማኖታዊ ጉዳያት፡ ሰመረ በይን፡ ኮሎኔል ፍጹም ገ/ሄር፡ ትለነቲ ጀላኒ፡ ተማኺሩ ንኹሎም ጳጳሳት፡ ጸዊዖም፡ ፓትርያርክ ዘይፈልጥዎ ሕቡእ ኣኼባ ኣካይዶም። እዞም ተጠቚሶም ዘለዉ መተሓባብርቱ ዝኾኑ ሰባት እዚኣቶም ነቶም ምሁራት ካህናት ደቂ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣሲሮም ብዘይ ሕጊ ዘሳቕዩ ዘለዉ ኢዮም። ጽባሕ ንጉሆ ግና ኣብ ቅድሚ ሕግን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ተሓተትቲ ኢዮም።

ድሕሪ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ውግዘት፥ ፓትርያርክ እንጦንዮስ ነዚ ውግዘት ካብ ልዕሊ ዮፍታሄን እቲ ካብ እምነትን ስርዓትን ተዋህዶ ሃይማኖት ወጻኢ ዝዘርግሖ መምርሒን፡ ክለዓል ዝብል ውሽጣዊ ስምምዕ ጌሮም ተሰማምዑ። ፓትርያርክ ነዚ ውግዘት እዚ ኣየልዕሎን ኢየ እንተኢሎም ግና፡ ኣብ ርእሲ ፓትርያርክ ውሳኔ ክውሰድ ካብ ስልጣኖም ክወርዱ ኣለዎም ብምባል ውሽጣዊ ውዲት ኣጻወዱሎም። ድሕሪ እዚ ሰይጣናዊ ውዲት እዚ፥ ንዕለት 23 ለካቲት 2005 (17 ለካቲት 1997 ) ጽባሕ ኪዳነ ምሕረት፡ ፓትርያርክ ብዘይቆጸርዎ ጉባኤ ተጸዊዖም ቀረቡ። እዚ ፓትርያርክ ዘይፈልጥዎ ብዮፍታሄን ሰበስልጣን መንግስቲን ነቶም ካልኦት ጳጳሳት ብምፍርራሕ ኣንጻር ፓትርያርክ ንክለዓዓሉ ብድፍኢት ዝገበርዎ ካልኣይ ኣኼባ ኢዩ።

ንፓትርያርክ ኣብቲ ጉባኤ ንኽመጹ ምስ ተነግሮም፥ ፓትርያርክ ድማ ኣብታ ባዕሎም ዝሓላፊኣ ቤተ ክርስቲያን ከም ዕዱም ኮይኖም መጹ። ጉባኢ ምስ ተጀመረ እቲ ኩነታት ኩሉ ተሓቢርዎም። ምፍርራሕ ብዝተሓወሶ መገዲ ድማ ከምዚ በልዎም “ እቲ ዮፍታሄ ዘውጽኦ መምርሒ ክትቕበልዎ፡ ንሱ ምሉእ ሓላፍነት ናይ ተዋህዶ ሃይማኖት ስልጣን ተሰኪሙ ክሰርሕ፡ ጳጳሳት ኣብ ትሕቲ ኣቶ ዮፍታሄ ክመሓደሩ፡ እቲ ውግዘት ኣብ ርእሲ ኣቶ ዮፍታሄ ዝተወሰደ፡ ፓትርያርክ ክልዕልዎ፡ ናይ ኩሎም ጳጳሳት ስምምዕ ምዃኑ፡ ብሰመረ ኮረኮን (ወኪል መንግስቲ ሓላፊ ክፍሊ ሃይማኖታዊ ጉዳያት) ተሓበሮም።"

ፓትርያርክ እቲ ኩነታት ምስ ረኣይዎ፥ ናይ ኩሎም ጳጳሳት፡ ቃል እንታይ ምዃኑ ንምፍላጥ ሓቲቶም ቃል ኩሎም ጳጳሳት ምዃኑ ፈለጡ ። እዚ ድማ ልቢ

ፓትርያርክ ዝሰበረ ህሞት ኣብ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ድማ ጸሊም ነጥቢ ዝገደፈ ታሪኽ ኮነ። ፓትርያርክ ድማ "እሞ፡ ካብ ሕግናን መምርሒናን ወጺእና ሓደ ምእመን ንቤተ ክርስቲያን ይምርሓያ ድዩ ሓሳብኩም ?" ኢሎም ሓተቱ፡ እሞ ካብ መብዛሕትኦም ጳጳሳት እወ ዝብል መልሲ ረኸቡ።
ፍቓድኩም ካብ ኮነ፡ ኣነ ሓንቲ ድምጺ እያ ዘላትኒ፡ ኣነ ህዝቢ ዝሃበኒ ሓላፍነት፡ ዝመሓልክዎ ማሕላ፡ ረጊጸ፡ ኣይገብርን እየ። ንስኻትኩም ካብ በልኩም ግና፡ ብጽሑፍ ፈሪምኩም ኣረክብዎ፡ ብምባል ነቶም ጳጳሳት ሓተተዎም፥ ወዮ ዘይሓፍሩ ጳጳሳት ድማ፡ ፈሪሞም ንዮፍታሄ፡ ክመርሖም ንቤተ ክርስትያን ንሓደ ምእመን ኣረከብዋ።

እዚ እቲ ኣብ ታሪኽ ቤተ ክርስትያን ተዋህዶ ዘዓበየ ገበን ብኣቦታት መራሕቲ ቤተ ክርስቲያን ተፈጺሙ። እዚ ጥልመት እዚ ናይቲ ንመምህሩ ኣብ ቅድሚ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ዝክሓደ ንክርስቶስ ኣይፈልጦን ኢየ ኢሉ ዝጠለመ ይሁዳ ይመስል። ዘሕዝን ፍጻሜ ኢዩ። ንሸኻትኩም ንርእሰኹምን ነቲ ክርስቶስ ዝሃበኩም ሕድሪ ከተጽንዑን ካብ ተኹላ ክትሕልዉን ዝተጸዋዕኩም ክነስኩም ቤተ ክርስቲያን ንተኻሉ ኣሕሊፍኩም እትህቡ ዘለኩም ፍርድኩም ኣብ ቅድሚ ክርስቶስ እንታይኮን ክኸውን ኢዩ??
ስለዚ ክቡር ኣንባቢ፥ ክብርቲ ኣንባቢት ነዚ ክንድዚ ዝኸውን ገበን፡ ተሰኪምካዮ ስቕ ስለ ዘይበሃል፡ ነዞም ኣብ ታሕቲ ኣድራሻኦም ዘቕርበልኩም ዘለኹ፡ ወኪላቶምን ንኹሎም ብብኣድራሻኦም ክትጽሕፉሎምን ጌጋኦም ክእርሙ፡ ናይ ዝኾነ ግዱስ ወዲ ሃይማኖት ግዴታ ምዃኑ ብኣውያት ናብ ሕዝቢ እነግርን የእውን ኣለኩ፡ እውይ ነዚ ሕሱም፡
ኣቶ ዮፍታሄ እዚ ኩሉ ንምግባር፡ ቤተ ክርስትያናት ንምዕጻው፡ ካህናት ንምእሳር ዓብይ ገበን ዝፍጽም ዘሎ፡ ካብ መንግስቲ ዝዓበየ ሓገዝ ስለ ዘለዎ ምዃኑ ክዝንጋዕ የብሉን።

ግዱስ ወዲ ቤተ ክርስትያን

Patriarchate office
P.O.BOX 728
Asmara, Eritrea

Maakel Abune Antonios
P.O.BOX 9286
Asmara

Bishop Dioskoros
P.O.BOX 255
Mendefera, Eritrea

Bishop Kerlos
P.O.BOX 34
Adikeih, Eritrea

Bishop Selama
P.O.BOX 728
Asmara, Eritrea

Bishop, Yohannes
P.O.BOX 179
Anseba Keren, Eritrea

Bishop Markos
P.O.BOX 363
Semenawi Keyih Bahri
Massawa, Eritrea

Bishop Petros
P.O.BOX 498
Debubawi Keyih Bahri
Assab, Eritrea

Bishop Mathewos
Diocese Debub
Dubarawa, Eritrea

Bishop Lukas
Barentu Gash
Barka Diocese,Eritrea

Bishop Shenouda
Bishop of European Countries

Italy

Priest Gebremichael Yohannes

Diocese of North America P.O.BOX **390486**
**Snellville,Ga.30039 USA**
**Email frgyohannes@yahoo.com**

Administrator of
Eritrean Orthodox Official web site in North America
webmaster@tewahdo.com